እዚ ጽሑፍ እዚ ምስቲ ብፖወርፖይንት ዝቐርብ ‘’ዲጂታላዊ መራኸቢታት ምጥቃም ጀምሮ’’ ዝብል ኢና ክንጥቀመሉ። ናይቶም ነጥብታት ቁጽርታት ድማ ምስቲ ፖወርፖይንት ተዛመድቲ እዮም። ነጥቢ 1 ምስ ስላይድ 1 (ገጽ 1) ኣብ ፖወርፖይንት ይዛመድ፡ ነጥቢ 2 ከኣ ምስ ገጽ 2 ይዛመድ፡ ከምኡ እንዳበለ ድማ ይቕጽል። እዚ ጽሑፍ ኣብ ትሕቲ ነፍስ ወከፍ ስላይድ(ገጽ) ውን ተጻሒፉ ኣሎ።

**ዝደመቑ** ጽሑፋት ርእይቶታት ንኣካያዲ-ኮርስ እዮም። ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ኣርእስትታት እዮም። እቲ ዝተረፈ ጽሑፍ ዓው ኢልካ ከተንብቦ ትኽእል ወይ ድማ ኣካያዲ-ኮርስ ንዝህቦ ኣስተምህሮ ከም ደጋፊ መምርሒ ክጥቀመሉ ይኽእል።

ጽሑፍ

1. **እቲ ምህሮ ንባዕሉ ቅድሚ ምጅማርካ እቶም ፍልጠታዊ ሸቶታት ምስ ተሳተፍቲ ኮርስ ብሓንሳብ ኮይንኩም ረኣዩዎ። እዚ ንክመሃሩን ዝተማህሩዎ ንኽዝክሩዎን ከቃልለሎም እዩ።**

2. ዲጂታላዊ መራኸቢታት እንታይ እዩ፧

3. ዲጂታላዊ መራኸቢታት ክትድውለሎም፡ብቪድዮ ክትዘራረበሎምን ብኢንተርነት ቻት ክትገብረሎምን ዘኽእሉኻ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት እዮም። ገለ ልሙዳት ኣብነታት ዲጂታላዊ መራኸቢታት ቲምስ፡ዙም፡ፈይስታይም፡መሰንጀርን ስካይፐን እዮም። ብዙሓት ሰባት ዝተፈላለዩ ዲጂታላዊ መራኸቢታት ዝጥቀሙሉ ምኽንያት ብነጻ ስለዘደውለካን ንውሓት ተካይዶ ዝርርብን ትርከበሉ ሃገርን ብዘየገድስ ድማ ብቪድዮ ክትዘራረብ ስለዘኽእለካን እዩ። ምስ ዋይፋይ ርክብ ክሳብ ዝሃለወካ ዝኾነ ገንዘብ ኣይትኽፍለሉን ኢኻ።

   ዲጂታላዊ መራኸቢታት ኣብ ታብለት፡ስማርት ተለፎን ወይ ኮምፕዩተርካ ይርከቡ እዮም። ኣየናይ መሳርሒ ትጥቀም ናትካ ምርጫ እዩ።

4. መሳርሒታት
5. ዝበዝሐ ሰብ ዲጂታላዊ መራኸቢታት ብቪድዮ ዝርርብ ንከካይደሉ እዩ ዝጥቀመሉ። ሽዑ እቲ ዘዛርበካ ዘሎ ሰብ ክትርእዮን ክትሰምዖን ትኽእል ኢኻ።

6. ታብለትን ስማርት ተለፎናትን ብቪድዮ ክዘራርበና ዝኽእል ስክሪን፡ካሜራ፡ማይክሮፎን ዓው መበሊ ስፒከርን ኣለወን። ዝበዝሓ ዘመናውያን ላፕቶፖት ውን ከምኡ ኣለወን።

7. ንገሊኦም ማይክሮፎን ዘለዎ መስምዒ እዝኒ/ሀድፎን ምጥቃም ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግና እዚ ከም ምርጫኻ እዩ። ጫፍ ታብለት፡ገሊአን ዓይነታት ስማርት ተለፎንን ላፕቶፖትን መሰኮዒ ነኺላት ኣሎወን።

8. ኢንተርነትን ሓደ ዲጂታላዊ መራኸብን ኩሉ ሰብ ክህልዎ ግድን ክህልዎ ዘለዎ እዩ- እዚ ቲምስ፡ዙም፡ፈይስታይም፡መሰንጀር ወይ ካልእ ፕላትፎርማት ክኸውን ይኽእል።

9. ኣፕሊከሽን ኣውርዳ

10. እቲ ዘለካ መራኸቢታት መሪጽካ ናብ ስማርት ተለፎንካ ወይ ታብለትካ ኣውርዶ። ኣብ ገሊኣን ሕሳብ ተጠቃሚ ከተውጽእ ወይ ሎግ ኢን ጌርካ ክትኣቱ ኣለካ።

**ከይቀጸልካ ከለኻ ኩሎም ነታ ኣፕሊከሽን ኣውሪዶማ ከምዘለዉ ኣረጋግጽ። ተሳተፍቲ ካብ ቅድም እንታይ ዓይነት ዝተፈላለዩ ፕላትፎርማት ከምዘለዎም ርአ። ተጠቀምቲ ኣይፎን ፈይስታይም ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም፡ ፈይስቡክ ዘለዎም ከኣ መሰንጀር ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። እንተዘይኮይኑ ኩላትኩም ኣብቲ ኮርስ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ሓንቲ ካብተን ካልኦት ምረጽ።**

11. ደወል ምጅማር ወይ ንከዘርበካ ዝደለየ ደዋሊ ምቕባል
12. ኣብ ቲምስ፡ፈይስታይም፡መሰንጀርን ካልኦትን ከተዘርቦም ትደሊ መራኽብትኻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ ወይ ኣብቲ ኣፕሊከሽን ደሊኻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

13. እቲ ከተዘርቦ ትደሊ መራኽብትኻ ምስ ረኸብካዮ፡ ድሕሪኡ ንክትድውል ኣብታ ስክሪን ትረኣየካ ቪድዮ ካመራ ወይ ምልክት ተለፎን ጠውቕ።

14. ኣብታ ተለፎን እንተደኣ ጠዊቕካ ብዘይ ስእሊ ስለትድውል ልክዕ ከም ንቡር ናይ ተለፎን ዝርርብ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

15. ኣብታ ካመራ እንተደኣ ጠዊቕካ ንዓኻ ብቐጥታ ዝቐድሕ ቪድዮ ብምጥቃም ትድውል ኣለኻ።

16. ዝኾነ ሰብ ክድውለልካ ከሎ ድምጺ ደወል ትሰምዕ ኢኻ፡ሽዑ እዚ ስእሊ እዚ ኣብ ስክሪንካ ክረኣየካ እዩ።

17. ኣብታ ስእሊ ሓንቲ መትሓዚት ተለፎን ዘለዋ ቑጠልያ መጠወቒት እንተደኣ ጠዊቕካ እቲ ደወል ትቕበሎ ኣለኻ፡ እቲ ዝድውለልካ ዘሎ ሰብ ግን ድምጽኻ ጥራሕ እዩ ክሰምዖ ዝኽእል፡ ክትዘራረቡ ከለኹም ንዓኻ ዘርኢ ቪድዮ ኣይረኣዮምን እዩ።

18. ክልተኹም ኣድላዪ መሰርሒታት ክሳብ ዝሃለወኩም እታ ስእሊ ካሜራ ዘለዋ ቀጠልያ መጠወቒት እንተደኣ ጠዊቕካያ ነንሕድሕድኩም ትረኣእዩሉን ትዘራረቡሉን ብቪድዮ ዝካየድ ዝርርብ ትጅምሩ።

19. ነታ ቀያሕ መጠወቒት ምጥዋቕ ነቲ ደወል ምንጻግ ማለት እዩ።

20. ኣብ ስክሪንካ ትርእዮ ስእሊ ምዚ ተመሳሳሊ ክኸውን እዩ።
ናይቲ ዘዛርበካ ዘሎ ሰብ ኣብ ስክሪን ዓቢ ስእሊ ክመጽእ እዩ፡ ንዓኻ ዘርኢ ንእሽተይ ስእሊ ከኣ ኣብ ታሕወታይ የማናይ ኩርናዕ ክመጽእ እዩ።

21. እቲ ንዓኻ ዘርኢ ስእሊ እቲ መዛርብትኻ ኣብ ናቱ ስክሪን ዝረኣዮ ስእሊ እዩ።

22. ብወገን መዛርብትኻ ዝፍጸም ሓደ እዩ። ንሳቶም ንዓኻ ዘርኢ ዓቢ ስእሊ ኣብ ስክሪኖም ይመጻሎም፡ እቲ ንስኻ ብወገንካ ትርእዮ ናቶም ስእሊ ከኣ ብናቶም ወገን ኣብ ታሕቲ ንየማን ከም ንእሽተይ ስእሊ ይረኣዮም።

23. ኣብ ስክሪን ናይ ኮምፕዩተር ብቐጻሊ ዝረኣዩ ገለ ምልክታት ኣሎዉ።

24. ኣብ ስክሪን ናይ ታብለት ወይ ስማርት ተለፎን ሓንሳብ እንተደኣ ጠዊቕካ እዞም ምልክታት ይረኣዩኻ እዮም።

25. ኣብ ስእሊ ካሜራ ሓንሳብ እንተደኣ ጠዊቕካ እቲ ዘዛርበካ ዘሎ ሰብ ክርእየካ ኣይክእልን እዩ።

26. እዛ መጠወቒት መሊስካ ሓንሳብ እንተደኣ ጠዊቕካያ እቲ ስእሊ ይምለስ እዩ።

27. ስእሊ ማይክሮፎን ሓንሳብ እንተደኣ ጠዊቕካያ እቲ ዘዛርበካ ዘሎ ሰብ ድምጺ ዘረባኻ ክሰምዖ ኣይክእልን እዩ።

28. ደወል ምዕጻው

29. መሊስካ ሓንሳብ እንተደኣ ጠዊቕካያ እቲ ድምጺ ክምለስ እዩ።

30. እቲ ደወል ንክትዓጽዎ ኣብታ ቀያሕ መጠወቒት ኢኻ ትጥውቕ።

31. ተወደአ